EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA
BRUSSELS

# ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባ መኸተ ብራስልስ

ኣቶ ግርማ ኣስመሮም ኣምባ. ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ በልጁምን ላክሰምበርግን ነቲ ዘሕንኽን ቅንጣብ መርትዖ ይኹን ሕጋዊ ሰረት ዘይብሉን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብኣመሪካ ተዋዲዱ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝተበየነ እገዳ ኣመልኪቱ ብ31 ጥሪ 2010 ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ምስ ኣብ በልጁም ዝቅመጡ ኤርትራውያን ሰፊሕ ህዝባዊ ዘተ ኣካይዱ። ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ "ስርዓታት ኣመሪካ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈጸምዎ በደል እንደገና ምድጋሞም ዘሕፍርን ብዝኾነ መለክዒ እቕረ ዘይባሃልን'ዩ" ኢሉ። ኣስዒቡ፡ "ዕላማ ናይቲ ሽርሒ መደብ ሃገራዊ ልምዓትና ብሓፈሻ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ዓርመሸሽ ፕሮግራም ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ድማ ብፍላይ ንምትዕንቃፍ ንምኹላፍን ምኻኑ ከይተበገሰ ዝተፈድሐ ፈኾስ ሽጥራ ኢዩ" ድማ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ፡ "ውሕስነት መግቢ ነሕይል እገዳ ነፍሽል!" ዝብል ጭሮ ተሓንጊጦም ንእከይ ብይን እገዳ መንግስቲ ኣመሪካ ከምቶም ዝሓለፉ ብዙሓት ውዲታት ከፍሽልዎ'ዮም" ኪብል ገሊጹ።

ንህልው ኩነታት ሃገር ኣመልኪቱ ድማ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ማሕበራዊን ሸነኻት ዝምልከት ገሊጹን ዛጊት ዝተተግበሩን ኣብ ትግባረ ዝርከቡን መደባት መንግስቲ በብጽላቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡን።

ኣብ መወዳእታ ኣምባ. ግርማ ካብ ህዝቢ ንዝቐረቡ ሕቶታት መብርሂ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝተበየነ ዘሕፍርን ዘይሕጋዊን እገዳ ዝምልከት ተቓውሞኦም ብነድሪ ገሊጾም። ነዚ ዘይሕጋዊን ዘሕፍርን እገዳ ንምፍሻል ኣብ ጎድኒ መንግስቶምን ህዝቦምን ብምኻን ኩሉ ካብኦም ዝጥለብ ከማልኡ ድልዋት ምኻኖም ገሊጾም። ካብ መንጎኦም ነቲ ጉዳይ ትካታተል 7 ዝኣባላታ ናይ መኸተ ሽማግለ ድማ ኣቑሞም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ውሕስነት መግቢ ነሕይል እገዳ ነፍሽል! ዝብል ጭርሖ ንምዕዋት ብዙሓት ካብ ተሳተፍቲ ናይ ገንዘብ መብጽዓ ጌሮም።

AVENUE WOLVENDAEL 15-17 • 1180 BRUSSELS - BELGIUM
TEL. 02 374 44 34 - 02 374 47 35 • FAX 02 372 07 30 • e-mail:emba.eri.brussels@skynet.be